# ወንጌል ማርቆስ
# ፩ይ ክፍሊ

ካብ ናይ ኣባ ኣማኑኤል ምስጉን፡ ማ. ን.ኣ. ካፑቺን
*"ትምህርቲ ቅ. መጽሓፍ" ዝተወስደ*

## ፩ - ሕይወት ማርቆስ ወንጌላዊ

ማርቆስ ወንጌላዊ፡ "ማርስ" ወይ "ማርቲስ" ዮሐንስ ዚብል ኣይሁዳዊ (ዕብራዊ) ስም ነበሮ። ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ማርቆስ ዚብል ስም ሾሞንተ ጊዜ ኪጥቀስ፡ ሠለስተ ጊዜ ምስ ዮሓንስ ዚብል መደረብታ ስም ተጻሒፉ ይርከብ። እዚ ከኣ ብዛዕባ እቲ ሓደ ማርቆስ ዝተባህለ ወንጌላዊ ከምዝተጻሕፈ ኵሎም ሊቃውንቲ ዚኣምንዎ እዩ።



ብፍላይ ካብ ግብረ ሐዋርያት ከምእንፈልጦ፡ ኣደ ማርቆስ ማሪያም ትብሃል ነበረት። ንሳ ኣብ ኢየሩሳሌም ክርስትያን ዚእከቡላ ሓንቲ ገዛ ነበረታ። ስድራ ማርቆስ ምስ ቅ. ጴጥሮስ ፍልይ ዝበለ ርክብ ስለ ዝነበሮም ጴጥሮስ ከኣ ኣብ መልእክቱ ንማርቆስ "ወደይ" ቢሉ ስለዝሰመዮ፡ ጸጋ ጥምቀት ካብ ቅ.ጴጥሮስ እዩ ዝተቐበለ ዚብል ሓሳብ ብዙኃት ይድግፍዎ። ብርግጽ ማርቆስ ካብቶም ዓሠርተክልተ ሓዋርያት ኣይነበረን፡ ግንከ ምስቶም 72 ኣርድእቲ ስለዝነበረ ገለ ካብ ተግባራትን ተኣምራትን ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ተዓዚቡ ይኸውን ዚብል ግምት ኣሎ። ገሊኣቶም ማርቆስ ኣብ ወንጌሉ "…ነጸላ ዝተኸድነ ጐበዝ ድማ ሰዓበ፡ ንኣኡ ከኣ ኃዝዎ። ንሱ ግን ነጸላኡ ሓዲጉ ጥራይ ዝባኑ ሀደመ" ኪብል እንከሎ ብዛዕባኡ እዩ ዚዛረብ ዝነበረ ይብሉ። ምስ ጳውሎስን ባርናባስን ናብ ደሴት ቆጵሮስን ጵንፊልያን ከምዘሰነዮምን፡ ኣብ ጰርጌ ምስ በጽሐ ግን ኃዲግዎም ንኢየሩሳሌም ከምዝተመልሰን፡ እሞ ጳውሎስ በዚ ሓሪቑ ምስኡ ካልእ ጊዜ ኪወስዶ ከምዝኣበየ ንፈልጥ (ግ.ሐ. 15፡ 36-39)። ብዘይካኡ፡ ምስ ጳውሎስ ድሕሪ ምትዕራቑ፡ ከም ረድእን ተርጓምን ጴጥሮስ ኣብ ሮማ ሰበኸ። ኣብ መጨረሻ ድማ ናብ ሰሜን ግብጺ ከይዱ፡ ኣብኡ ወንጌል ሰበኸ፡ ኣብ እስክንድርያ መንበረ ጵጵስና ድሕሪ ምትካሉ ከዓ ሞተ። በዛኢ ምኽንያት እዚ እስክንድርያ *መንበረ ማርቆስ* ክሳዕ ሎሚ ትበሃል።

ናይ 30 ሚያዝያ መጽሐፈ ስንክሳር ብዛዕባ ማርቆስ ከምዚ እናበለ ይትርኽ፥ ትርጕሙ ከኣ ከምዚ ማለት ኢዩ፡

"ቅ.ማርቆስ ወንጌላዊ ሐዋርያ ርእሰ ሊቀጳጳሳት ዘሀገረ እስክንድርያ ኮነ። ስሙ ለአቡሁ አርስጡጳሎስ እምብሔረ ፭ቱ አህጉር ወስማ ለእሙ ማርያም ወይእቲ ዝክርት ውስተ መጽሐፈ ግብረ ሐዋርያት ወኮነ ዝንቱ ሐዋርያ ቀዳማዊ ስሞ ዮሐንስ በከመ ይቤ መጽሐፈ ግብረ ሐዋርያት። ወዛቲ ብእሲት ኮነት ባዕልተ ወመሀረቶ ለወልዳ ማርቆስ ቦልሳነ ዮናናውያን ወበልሳነ አፍሪንጂ ወበልሳነ ዕብራይስጥ ወሶበ ልሕቀ ነስአ በርናባስ ምስሌሁ። ሶበ ሖረ ምስለ ቅ.ጳውሎስ ወሶበ ርእየ ዘበጽሐ ምንዳቤ ላዕሌሆሙ መቅዘፍት ወሐሳር ኀደጎሙ በሀገረ ጰንፌልያ ወገብአ ኀበ ኢየሩሳሌም። ወሶበ ተነገሩ በተመይጦቶሙ ለአሕዛብ ውስተ አሚነ ኢ-ክርስቶስ--ሐዘነ ወነስሐ በእንተ ዘኮነ እምኔሆሙ ወእምዝ ሐሰሰ ከመ ይሑር ምስሌሆሙ ወኢፈቀደ ቅ.ጳውሎስ ሐዋርያ ከመ ይንሳእ እስመ ውእቱ ሐደጎሙ። ኣላ ነስአ በርናባስ ምስሌሁ እስመ ዘመድ ውእቱ። እምድሕረ ዕረፍቱ ለበርናባስ ሖረ ኀበ ቅ.ጴጥሮስ ወሰበከ ቦቱ ውስተ ሀገረ ሮሜ ወእም ድሕረዝ ሖረ በትእዛዙ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወበትእዛዘሙ ለቅ-ሐዋርያት ውስተ ሀገረ እስክንድርያ ወሰበከ በውስቴታ በስብከተ ወንጌሉ ቅዱስ ወዓዲ ሰበከ ውስተ ሀገረ አፍሪቅያ ወብርቃ ወ፭ቱ አህጉር።



ወሶበ ቦአ ውስተ ሀገረ እስክንድርያ ወተበትከ ቶታነ አሳእኒሁ እምእገሪሁ ወሶበ በጽሐ ኀበ አንቀጸ ሀገረ ረከበ ኣሐደ ብእሲ ሰፋይ ወወሀቦ ቅዱስ አሳእኒሁ ከመ ይስፊ ሎቱ ወእንዘይሰፊ ሎቱ በመስፈ ተሰጥቀ አጻብዒሁ ወውሕዘ ደም እምኔሁ ወይቤ በልሳነ ዮናናውያን "ኢስታየስ" ዘበትርጓሜሁ ኣሐዱ እግዚኣብሔር። ወይቤሎ ቅ. ማርቆስ "ቦኑ ተኣምሮ ለእግዚኣ ብሔር" ወይቤሎ "አልቦ ኣላ ንሳሚ ባሕቲቶ ወኢናምሮ" ወአሐዘ ይንግሮ ቅ-ማርቆስ እምጥንቱ ዘፈጠረ እግዚኣብሔር ሰማየ

ቅ. ማርቆስ ወንጌላዊ ሊቀ ጳጳስን ሓዋርያን እስክንድርያ ኮነ። ውስተ ስብከት። ስም ኣቦኡ ኣርስጡጳሎስ ካብ ዓዲ ሓሙሽተ ሃገራት፡ ኣዲኡ ኣብ መጽሓፍ ግብረ ሓዋርያት እትጥቀስ፡ ስማ ማርያ ነበረ። ግ. ሓዋርያት ከምዜረድኣና፡ ስም እዚ ሓዋርያ ቅድም ዮሓንስ ነበረ።እዛ ሰበይቲ ሃብታም ስለዝነበረት፡ ንወዳ ማርቆስ ብቛንቋ ዮናናውያንን ብቛንቋ ፈረንጅን ብቛንቋ ዕብራይስጥን ኣምሃረቶ። ምስ ዓበየ ድማ ንበርናባስ ምስኡ ወሰዶ። ምስ ቅ. ጳውሎስ ምስ ወፈረ፡ እሞ ኣብ ጵንፊልያ ዚበሃ ሃገር ጸገምን ሽግርን ከምዝበጽሖም ምስ ረኣየ ኣብኡ ገዲፉዎም ናብ ኢየሩሳሌም ተመልሰ። ኣብ መልሶም ብዛዕባ ኣሕዛብ ናብ እምነት ምእታዎም ኪዛረቡ ምስ ሰምዖም፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ሞንጎኦም ዝተላዕለ ባእሲ ተጣዕሰ እሞ፡ ምስኣቶም ኪወፍር ደለየ፡ ቅድሚኡ ስለዝጠለሞም ግን ቅ. ጳውሎስ ኣበዮ። ባርናባስ ግን ዘመዱ ስለዝነበረ ምስኡ ወሰዶ። ድህሪ ሞት በርናባስ ናብ ቅ. ጴጥሮስ ተጸገዐ፡ ምስኡ ኰይኑ ከኣ ኣብ ሮማ ሰበኸ። ድሕሪኡ ብትእዛዝ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስን ብትእዛዝ ቅዱሳት ሓዋርያት ናብ እስክንድርያ ከይዱ ቅዱስ ወንጌሉ ኣብኡ ሰበኸ። ኣብ ርእሲኡ ኣብ ኣፍሪቅያን ብርቃን ኣብ ሓሙስተ ዕድታት እውን ሰበኸ። ናብ እስክንድርያ ምስ ኣተወ ልጓም ኣሳእኑ ተበትከ። ናብ መዓጹ እቲ ከተማ ምስ በጽሓ ሓደ ሰፋይ ኣሳእኒ ረኸበ እሞ ኪሰፈሉ ኣሳእኑ ሃቦ። ኪሰፊ እንከሎ፡ ደም ክሳዕ ዚፈስስ እቲ መስፈ ኣብ ኣጻብዕቱ ተሸንከሮ። ወኡእ ሰፋይ ኣሳእኒ ብቛንቋ ዮናናውያን "ኢስታየስ!" ማለት "ሓደ እግዚኣብሔር!" ኢሉ ጨደረ። ሽዑ ቅ. ማርቆስ "ብዛዕባ እግዚኣብሔር ኣፍልጦ ኣሎ ዲዩ ኣብዚ?" እቲ ግን፡ "የለን፡ ንጽውዖ ደኣ እምበር ኣይንፈልጦ።" ማርቆስ እምበኣር እግዚኣብሔር ካብ መጀመርታ ሰማይን ምድርን ከምዝፈጠረ ኪነግሮ ጀመረ። ካብኡ ብጥፍጣፍን ሓመድን ጭቃ ገይሩ ኣብ ኢዱ ገበረሉ እሞ ሽዑ ንሽዑ ሓወየ። ስሙ ከኣ ኣንያኖስ ኢዩ። ሽዑ ናብ ገዝኡ ወሰዶ፡ ምስ ደቁን ቤተሰቡን ኣራኸቦ። ቅ. ማርቆስ ንኹሎም እናገሠጾምን እናመሃሮምን ናብ ክርስትና ኣእትዩ ኣጠመቖም። እቶም ብክርስቶስ (ንኣኡ ክብሪ ይኹን) ዚኣመኑ ምእመናን ምስ በዝሑ፡ እቶም ደቂ ዓዲ ዜና ቅ. ማርቆስን ሊቀ ጳጳሳት ኣንያኖስን ደቁ ካህናትን ድያቆናትን ሰምዑ። ናብ ከተማ በርቃን ናብተን ሓሙሽተ ከተማታትን ከይዱ ኣብኣቶም እውን ሰበኸ፡ ናይታ ኣውነተይና ሃይማኖት ብርቱዓት ኣመንቲ ገበሮም። ምስኣቶም ክልተ ዓመት ገይሩ፡

ወምድረ። ወእምዝ ወደየ ምራቀ ውስተ ጽቡር ወገብረ ዲበ እዴዌሁ ለውእቱ ሰፋይ ወተፈወሰ ሶቤሃ ወኮነ ስሙ ለውእቱ ሰፋይ አንያኖስ ወወሰደ ለቅ-ማርቆስ ኀበ ውእቱ ወአብጽሖ ሎቱ ውሉደ ወዘመደ ወለኲሎሙ ገሰጾሙ ቅ.ማርቆስ ሐዋርያት ወመሀሮሙ ወአጥመቆመ ጥምቀት ክርስትና። ወሶበ በዝሐ መሀይምናን እለ አምኑ በእግዚኢነ ኢየሱስ ክርስቶስ ሎቱ ስብሐት ወሰምዑ ሰብአ ሀገር ዜናሁ ለቅ.ማርቆስ ወለአንያኖስ ሊቀ ጳጳሳት ወለደቂቁ ቀሳውስት ወዲያቆናት ወወጽአ ኀበ ሀገረ በርቃ ወኀበ ፳ቱ ኣህጉር ወሰበከ ውስቴቶሙ ወአጽንዖሙ ውስተ ሃይማኖት ርትዕት ወነበረ ኀቤሆሙ ፬ተ ዓመተ ወሴመ ሎሙ ኤጲስቆጶሳት ቀሳውስት ወዲያቆናት። ወእምዝ መሀይምናን ተመይጡ ኀበ ሀገሮሙ እስክንድርያ። ወረከቦሙ በዘተወሰኹ ወሐነጹ ቤተክርስትያን ዘዕውቅ ኣጸደ ኣልህምት ኀበ ጽንፈ ባሕር ወኮኑ ከሐድያን ይሐስስዎ ለቅ-ማርቆስ ወኵሎሙ ፃሙ ከመ ይቅትልዎ ወኮነ ውእቱ በኵሉ ጊዜ ይሔውጾሙ በ፳ቱ አህጉር ወይትመየጥ ወይበውእ ወስተ ሀገረ እስክንድርያ አሐቲ ዓመት ተመይጠ እም ፳ቱ ኣህጉር ወቦአ ወስተ ቤተክርስትያን በበዓለ ትንሣኤ ዘእም ፳ወ፬ቱ ለወርኀ ሚያዝያ ወኵሎሙ አሕዛብ ይዓውድዎ ወቦኡ ከሐድያን ወስተ ቤተክርስትያን ወረሰዩ አሕባለ ወስተ ክሳድ ለቅ-ማርቆስ ወሰበሐብዎ ውስተ ኵሉ ኣህጉር ወእመንቱ እንዘ ይብሉ “ንስሐቦ ለዳቤላ ውስተ አፀደ አልህምት” ወመልአ ደሙ ለቅ-ወስተ ኵሉ ፍኖተ ሀገር ወአውደ ጸናፌ ወሶበ ኮነ ሌሊተ ኣስተርአዮ እግዝኢነ ኢየሱስ ክርስቶስ ሎቱ ስብሐት በኣርአያ ዘኮነ ቦቱ ምስለ ሐዋርያት ወወሀቦ ሰላመ ወአጽንዖ ወተካየደ ወይቤሎ “ናሁ አንተ ኮንከ ዕሩየ ምስለ አኃዊከ ሐዋርያት” ወተፈስሐት ነፍሱ ወተሔሴት። ወበሳኒታ ካዕበ ረሰዩ አሕባለ ውስተ ክሳድ ወሰሐብዎ ውስተ ኩሉ አህጉር ወበተፍጻሜተ መዓልት መጠወ ነፍሶ ወከሐድያንሰ አንደዱ እሳተ ዓቢየ ወወገሩ ስጋሁ ለቅዱስ ውስቴታ በስምረቱ ለእግዝኢነ ኢ-ክርስቶስ ሎቱ ስብሐት ኮነ ጽልመት ወንፋስ ቆሪር ፀሐይኒ ሰወሮ ብርሃኖ ወኮነ መብረቅ ወነጐድጓድ ወአሳሕትያ እስከ ጐዩ ከሐድያን እምኔሁ መጽኡ ሰብእ መሃይምናን ወነስኡ ስጋኡ ለቅ.ማርቆስ እንዘ ጥዑይ ውእቱ ወኢበጽሖ ምንትኒ እሙስና ወገነዝዎ በሰናይ አልባሰ ወአንበርዎ ውስተ መካን ህቡእ።”

ኤጲስቆጶሳትን ካህናትን ድያቆናትን ሰርዓሎም።
ካብዚ ኣመንቲ ናብ ዓዶም እስክንድርያ ተመልሱ እሞ፡ ቊጽሮም ተወሲኹን ቤተክርስትያን ግራት ለሓምቲ ዚበሃል ኣብ ገምገም ባሕሪ ሃኒጾም ጸንሕዎ። ሽዑ ከሓድያን ንቅ. ማርቆስ ኪደልዩዎ ጀመሩ፡ ኪቀትልዎ ድማ ይደልዩ ነበሩ። ንሱ ድማ ናብ 5 ከተማታት እናኸደን ናብ እስክንድርያ እናተመልሰን ይሕብኦም ነበረ።

ኻብ 5 ከተማታት ተመሊሱ ናብ እስክንድርያ ሓደ ዓመት ምስ ገበረ፡ ብበዓል ፋሲካ (29 ሚያዝያ) ሕዝቢ ኣኽቢቡዎ እንከሎ፡ ከሓድቲ ኣትዮም ምራን ኣብ ክሳድ ገይሮም ፡ "ከም በጊዕ ናብ ግራት ከብቲ ንውሰዶ!" እና ተበሃሃሉ ናብ ምሉእ ከተማ ጐተትዎ። ጽርጊያን ኣደባባያትን ከተማ ብደሙ መልአ። ለይቲ ምስ ኮነ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ (ክብሪ ንኣኡ ይኹን) ምስ ሓዋርያት ተራእዮ እሞ፡ ሰላም በሎን ኣጸናንዖን፡ "እንሆ፡ ምስ ኣኅዋትካ ሓዋርያት ማዕረ ኮንካ!" በሎ። በዚ ድማ ብዙሕ ተሓጐሰን ተጸናነዐን። ንጽባሒቱ ከምብሓዲስ ምራን ኣብ ክሳዱ ገይሮም ብከተማ ክስሕብዎ ወዓሉ፡ ንምሸቱ ነፍሱ ወጸአት፡ እቶም ከሓድቲ ድማ ዓቢይ ሓዊ ወሊዖም ሬሳ ቅዱስ ማርቆስ ኣብኡ ኣንደድዎ።

ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ (ክብሪ ንዓኡ ይኹን) ስለዝፈቐደ ድማ፡ ከሓድቲ ክሳብ ዝሃድሙን፡ ኣመንቲ መጺኦም ሬሳኡ ዘልዕልዎ ጸሓይ ብርሓኑ ተሸፊኑ ምድረሰማይ ጸልማት ኮነ፡ ቈራር ንፋስ ነፈሰ፡ በርቅን ነጐዳን ኣሳሒታን ኮነ። ሬሳኡ ግን ከይተበላሸወ እንከሎ ብሥርዓት ገኒዞም ናብ ሓደ ሕቡእ ቦታ ቀበርዎ።



"ሰላም ለማርቆስ ለማርያም እኅላ
ዘሰሐብዎ በአሕባላ
ውስተ ዓፀደ ላሕም ከመ ዳቤላ
አውዓየቶ ፍቃድ ለእሳት ነበልባላ
ዝናም ወአስሐትያ አጥፍኡ ማዕበላ
ወመብረቅኒ ለስጋሁ ከለላ"።

ሰላምታ ንማርቆስ ወዳ ንማርያ
ብምራን ዝሰሓብዎን
ከምድዑል ናብ ግራት ኣብዑር ዝጐተትዎ፡
ነበልባል እሳት ኬሕርሮ ሓሰቡ፡
ማዕበል ዝናምን ኣሳሒታን ኣጥፍኣሉ።

ኣብ መቅድም ቅዱስ ወንጌል ከምዚ ዚብል ጽሑፍ ንረክብ፥

"ወማርቆስኒ እንዘ ሀሎ ብሔረ ግብጽ አስተብቍዕዎ አርድእተ ዚአሁ ከመ ይግብር ከመዝ" "ማርቆስ ማለት ንህብ ማለት ነው። ንህብ ከሁሉ እንዲቀስም አስቀድሞ ከክርስቶስ በኋላም ከሐዋርያት ተምረዋልና። አንበሳ ማለት ነው። አንበሳ ለላም ጌታው እንደሆነ እንዲሰብረው አምልኮተ ላሕም ከግብጽ አጥፍተዋልና። ይህ ዓለም ዕጣ ዕጣ ብለው ተካፍለው ለማስተማር በሚወጡበት ጊዜ ለቅ. ጴጥሮስ ሮም በዕጣ ደርሰዋለች አምስተኛ ግብፅም አንስተዋል። ማርቆስ ጴጥሮስን ተከትሎ ሄደዋል ግብፅን ለማርቆስ ሰጥቶ እሱም ሮም ወርደዋል"።

ማርቆስ ኣብ ግብጺ እንከሎ እርድእቱ ከዚ ኪገብር ለመንዎ . . . ማርቆስ ማለት ንህቢ ማለት ኢዩ። ከምቲ ንህቢ ካብ ኵሉ ዚቀስም፡ ከምኡ ማርቆስ ቅድም ካብ ክርስቶስ ድሕሪኡ ድማ ካብ ሓዋርያት ተመሃረ። ኣንበሳ እውን ማለት ኢዩ፡ ምኽንያቱ ከምቲ ኣንበሳ ንላም ጐይታኣ ዝኾነ፡ ከምኡ ማርቆስ ካብ ግብጺ ኣምልኾ ላም ኣጥፈኣ። ሓዋርያት ንዓለም ኪሰብኩ ዕፃ ምሰውደቑ፡ ንቅዱስ ጴጥሮስ ሮም በጽሐ፡ ከም ሓምሻይ ዕጫ ድማ ግብጺ ኣልዓለ። ማርቆስ ንጴጥሮስ ተኸቲሉ ምስ ኸደ፡ ጴጥሮስ ግብጺ ንማርቆስ ሂቡ፡ ንርእሱ ናብ ሮም ኣምረሐ።

ኣብ ናይ ፍልሰታ "መልክዐ ሥእል" ከምእንዝምሮ፡

"... ምስለ ኤጲስቆጶስ ያዕቆብ ዘኢየሩሳሌም
ይምጽኡ ኀቤነ ለባርኮትነ ዮም
ማርቆስ ዘኣንበሳ ወሉቃስ ዘላሕም።"

". . . ምስ ናይ ኢየሩሳሌም ኤጲስቆጶስ ያዕቆብ
ማርቆስ በዓል ኣንበሳን ሉቃስ በዓል ብዕራይ
ኪባርኹና ሎሚ ይምጽኡና።"